# መንፈሳዊ መዝሙር

1. ካብ ኲሉ ኣቐዲምና ንኣምላኽ ነመስግን /2/
   ኣሜን ንዘለዓለም እግዚኣብሔር ይመስገን /2//2/

2. ነኣምን በኣብ፣ ወነኣምን በወልድ በወልድ /2/
   ወነኣምን ወነኣምን/2/ ነኣምን በመንፈስ ቅዱስ /2/

3. ንሴብሖ ንሴብሖ ለእግዚኣብሔር /2/
   ስቡሓ ዘተሰብሓ፣ ስቡሓ ዘተሰብሓ /2/
   ነመስግኖ ነመስግኖ ንእግዚኣብሔር /2/
   ምስጉን'ዩ ዝተመስገነ /2//2/

4. ሃሌ ሉያ፣ ሃሌ ሉያ ማእከሌነ ቆመ /2/
   ማእከሌነ ቆመ/2/ ክርስቶስ ማእከሌነ ቆመ /2/
   ነቕርበሉ ነቕርበሉ ንኣምላኽ ምስጋና /2/
   ንኣምላኽ ምስጋና/2/ ነቕርበሉ ንኣምላኽ ምስጋና /2/

5. ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር /2/
   ጸባዖት ፍጹም ምሉእ ሰማያተ ወምድረ
   ወምድረ ቅድሳተ ስብሃቲከ /2/ ኢሳ.6፣3.

6. ሓይሊ ናይ እግዚኣብሔር፣ ጥበብ ናይ እግዚኣብሔር፣
   ምድሓን ናይ እግዚኣብሔር /2/
   ኣይንምካሕን ብሓይሊ ጥበብና
   እግዚኣብሔር'ዩ 'ቲ መመክሒና /2/ ኤር.9፣23-24.

7. ኢትግድፈነ ኢትግድፈነ ወኢትመንነነ /2/
   ኣምላከ ስላም ተራድኣነ /2//2/
   ኣይትግደፈና ኣይትግደፈና ሽለል ኣይትበለና /2/
   ኣምላኽ ቅዱሳን ተራድኣና /2/
   እግዝእትነ እግዝእትነ ነጽሪ ኃቤነ /2/
   ሰላመ ወልድኪ የሃሉ ምስሌነ /2//2/
   ድንግል ኣዴና ድንግል ኣዴና ጠምቲ ናባና /2/
   ሰላም ናይ ወድኺ የሃሉ ምሳና /2//2/

8. ነመስግኖ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና /2/

እዚ'ዩ ዝደሊ ካባና፣ እዚ'ዩ ዝደሊ ካባና /2/

9. እግዚኣብሔር ይመስገን፣ እግዚኣብሔር ይመስገን /2/
ኣብዚ ዘብጽሓና /2/ ይመስገን ጐይታና /2/

10. በልዎ ለእግዚኣብሔር በልዎ /2/
ግሩም ግብርከ /2/ በልዎ ለእግዚኣብሔር /2/ መዝ.66፣3.

11. ይሔይሰኒ ሕገ ኣፉከ /2/
እምኣእላፍ ወርቅ ወብሩር /2//2/ መዝ.119፣72.

12. ኵሎ ዘፈቀደ፣ ገብረ እግዚኣብሔር /2/
በሰማይኒ ወበምድርኒ ወበባህርኒ
ወበኵሉ ቀላያት ቀላያት /2/ መዝ.135፣6.

13. እግዚኣብሔር ይሓልወና፣
ከምቶም ቅዱሳን የጽንዓና /2/
ንዕለት ከይከውን ጉዕዞና፣
ክንፍጽም ይግባእ ከምቶም ኣቦታትና /2/
ቅድስት ማርያም ንዒ ናባና፣
ድንግል ማርያም ኣማልድልና /2/
ንዓና ደቅኺ ሓጢኣት ዘጥቅዓና
ካብ ፍቑር ወድኺ ምሕረት ለምንልና /2/
ብሂወት ክንነብር ንዓኻ መሲልና
እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኣጽንዓና /2/

14. ስብሃት ለኣብ ለኣሃዜ ኵሉ ዓለም፣
ስብሃት ለወልድ ለገባሬ ኵሉ ፍጥረት /2/
ስብሃት ለመንፈስ ቅዱስ ለዘያርጉ ክረምተ በበዓመት /2/

15. ነኣምን በኣብ ወነኣምን በወልድ ወበመንፈስ ቅዱስ /2/
እማርያም ዘተወልደ ኣፍቂሮ ኪያነ መጽአ ወልድ /2/

16. እምኵሉ ይሔይስ በሥላሴከ ተኣምኖ /2/
ወላዲትከ /2/ ወበወላዲትከ ተማሕፅኖ /2/

17. ኣማን በኣማን፣ ኣማን በኣማን /2/

መንግስተ ሥላሴ ዘለዓለም /2/

18. ኩሉ ይሰግድ ለሥላሴ /2/
ወይትቀነይ ኩሉ ለመንግሥተ ሥላሴ /2/

19. ቃልካ ሰሚዐ ሂወት ንኽረክብ /2/
ምስትውዓልካ ሃብኒ ጥበብካ /2//2/

20. እግዚኣብሔር ሃበነ ልሳነ ጥበብ፣
እግዚኣብሔር ሃበነ ልሳን /2/
ከመ ናእምር ሕጋ /2/ ለቤተክርሰቲያን /2/

21. ሃበነ እግዚኦ ኣዕይንተ ኣእምሮ ወትረ ኪያከ ይርኣያ /2/
ወኣእዛንነሂ ቃለ ዘባህቲትከ ይስምዓ /2/

22. ኖላዊ ትጉህ ዘኢትነውም /2/
ማሕበረነ ማሕበረነ ዕቀብ በሰላም /2//2/

23. እግዚኣብሔር ይመስገን ኒዚኣ መዓልቲ ቀዲሱ ዝሃበና /2/
ካብ ዝነበርናዮ ኣኪቡ ኣኪቡ ናብዚ ዘምጽኣና /2//2/

24. ነዚ ጉባኤና ባርኮ ጐይታና /2/
ሰላም ሂብካ ፍቕሪ ሂብካ ሎሚ ንኹላትና /2//2/
ሰላም ናይ ኣብ ናይ ወልድ ናይ መንፈስ ቅዱስ /2/
ይሕደረና ብመስቀሉ ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ /2//2/
ናባኻ ኽንጽሊ ብሓባር ኩላትና /2/
ኦ ጐይታና ስደደልና 'ቲ ቕዱስ መንፈስካ /2//2/

25. ኢየሱስ ክርስቶስ መጽኣ ውስተ ዓለም /2/
በብርሃኑ ንዑ ናንሶሱ /2//2/

26. መድሓኒና እህ ምሕረትካ ሃበና /2/
ምሕረትካ ሃበና/4/ መድሓኒና /2/

27. እግዚኣብሔር ብርሃነይ መድሓኒተይ'ዩ /2/
ዘፍርሃኒ መን'ዩ ዘሰንብደንሲ/2/ ኣምላኸይ መድሓኒተይ'ዩ /2/

28. ይትባረክ ይትባረክ እግዚኣብሔር /2/
ዘብጽሓና ናብዚ ዓመት ናብዚ ወርሒ ናብዚ ዕለት/2/

29. ያብጽሓነ ኣመ ከመ ዮም /2//2/
ኣመ ከመ ዮም/2/ እግዚኣብሔር /2/
ንዓመታ የብጽሓና ጐይታ /2//2/
ከምዚ ንዓመታ/2/ የብጽሓና ጐይታ /2/

## ናይ ልደት ሉቃ.2፣1-20.

1. ስብሃት ለእግዚኣብሔር በሰማያት /2/
ወሰላም በምድር ስምረቱ ለሰብእ* /2//2/
(*ሃሌ ሉያ /4/ ኣሜን ሃሌ ሉያ /2/)

2. ኣማን በኣማን ኣማን በኣማን /2/
መንክር ስብሃተ ልደቱ /2//2/

3. በጎለ እንስሳ፣ በጎለ እንስሳ /2/
በጎለ እንስሳ ተወልደ ኣማኑኤል /2//2/

4. በጎል ሰከበ በኣጽርቅት ተጠብለለ /2/
ቤዛ ኩሉ ዓለም ዮም ተወልደ /2//2/
ኣብ ጎል ደቀሰ በኣጭርቕቲ ተጠቕለለ /2/
በጃ ኹሉ ዓለም ሎሚ ተወልደ /2//2/

5. እምሰማያት ወረደ፣ እምድንግል ማርያም ተወልደ /2/
ከመ ይኩን ቤዛ /2/ ለኵሉ ዓለም ወለብሰ ሥጋ ማርያም /2/
ካብ ሰማያት ወረደ፣ ካብ ድንግል ማርያም ተወልደ /2/
በጃ ክኾነና /2/ ንኹሉ ዓለም ለበሰ ሥጋ ማርያም /2/

6. የሃበነ ሰላመ የሃበነ ሰላመ /2/
ጋዳ ጋዳ ያበውኡ ቍርባነ /2//2/

7. ዮም ሰማያዊ በጎል ሰከበ ለዘተወልደ እምቅድስት ድንግል /2/
ርእይዎ ኖሎት /2/ ኣእኰትዎ መላእክት
ኣእኰትዎ መላእክት /2/

8. ኦሆ ብሂሎ ተኣዛዜ ከዊኖ/2/
ወረደ ወረደ ወረደ ለኣድህኖ /2//2/

9. መድኃኒነ ተወልደ ነዋ /2/
ይእዜኒ ለሰላም ንትልዋ /2//2/

10. ኣንፈርኣጹ ሰብኣ ሰገል /2/
ኣምሃሆሙ ኣምጽኡ መድምመ /2/

## ናይ ጥምቀት ማቴ.3፥13-17

1. ክርስቶስ ተወልደ ክርስቶስ ተጠምቀ /2/
ንዓና'ውን ዳግማይ ወለደና
እንካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን /2/ ቲቶ.3፥5.

2. ኣማን በኣማን ኣማን በኣማን /2/
መንክር ስብሃተ ጥምቀቱ /2/

3. መድሓኒና ተጠሚቑ ኣብ ዮርዳኖስ ሩባ /2/
ደቂ ኣዳም ንሰላም ንስዓባ /2//2/

4. ሃዲጎ ተስዓ ወተስዓተ ነገደ ነገደ /2/
ማእከለ ባሕር /4/ ቆመ ማእከለ ባሕር /2/

5. ዮሓንስኒ ሃሎ ያጠምቅ /2/
በሄኖን በቅሩበ ሳሌም /2//2/

6. ነድ ነድ ለማየ ባሕር ከበቦ /2/
ማይ ኀበ የሓውር ጸበቦ /2//2/

7. በእደ ዮሓንስ ተጠምቀ ኢየሱስ ናዝራዊ /2/
ሰማያዊ /5/ ኢየሱስ ናዝራዊ /2/

8. በበህቅ ልህቀ በዮርዳኖስ ተጠምቀ /2/
በዮርዳኖስ /4/ ተጠምቀ በዮርዳኖስ /2/

9. መጽኣ ቃል እምደመና ዘይብል ዘይብል /2/
ዝንቱ ውእቱ ወልድየ ዘኣፈቅር /2//2/

10. ሖረ ኢየሱስ ሖረ ኢየሱስ /2/
እምገሊላ ሃበ ዮርዳኖስ/2//2/

## *ናይ ቃና ዘገሊላ* ዮሓ.2፣1.

1. በቃና ዘገሊላ /2/
ዘገሊላ ከብካብ ኮነ /2/ /2/

2. ቤዛነ ተስፋነ ወልደ ኣምላክ /2/
ወለማይኒ ረሰዮ ወይነ /2/

3. እንዘ ስዉር እምኔነ ይእዜሰ ክሱተ ኮነ /2/
ተኣምረ ወመንክረ ገብረ መድኃኒነ በቃና ዘገሊላ
ከብካብ ኮነ ማየ ረሰየ ወይነ /2/

## *ናይ ሆሣዕና* ማቴ.21፣1-11.

1. ሆሣዕና በሉ ሥየኹም ኣልዕሉ /2/
ወዲ ዳዊት መጺኡ'ሎ ባዕሉ፣ ንጉሥ ሰማይ ንዑ ተቐበሉ /2/

2. ሆሣዕና እምርት እንተ ኣቡነ ዳዊት /2/
ቡርክት እንተ ትመጽእ መንግስት /2//2/

3. ሆሣዕና ሆሣዕና ሆሣዕና /2/
ለወልደ ዳዊት /2/ ሆሣዕና /2/

4. ሆሣዕና በኣርያም /2/ ሆሣዕና ለወልደ ዳዊት /2/
ለንጉሥ እስራኤል፣ ለንጉሥ እስራኤል /2/

5. ሰላምኪ ሎሚ'ዩ ኢየሩሳሌም
ናባኺ መጺኡ ኣምላኽ ዘለዓለም/2/
ሆሣዕና በኣርያም ኢሎም ዘሚሮም
ህጻውንቲ ኣብ ኢየሩሳሌም /2/
ኣንቲ ቤተልሔም ናይ ዳዊት ከተማ

ናይ ህዝብኺ ብርሃን መጺኡ ብግርማ/2/
ሆሣዕና በኣርያም ኢሎም ዘሚሮም
ህጻውንቲ ኣብ ኢየሩሳሌም /2/

## ናይ መድኃኔ ዓለም ማቴ.27፥1-66.

1. መድኃኔ ዓለም ኣድሒኑና ብዘይሓልፍ ቃሉ /2/
   ደስ ይበለና /2/ ዕልል በሉ ዕልል በሉ
   ኣድሒኑና ብዘይሓልፍ ቃሉ /2/

2. ሠራዊተ መላእክቲሁ /2/
   ለመድኃኔ ዓለም /2/ ወይኬልልዎ /2/

3. ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
   ንዓና ኽትብል ኣብ መስቀል ተሰቐልካ /2/

4. በደሙ ክቡር ክቡር ቤዘወነ /2/
   ኣኮ በወርቅ ሓላፊ ዘተሳየጠነ /2//2/
   ብደሙ ኽቡር ኽቡር ዓደገና /2/
   ብሓላፊ ወርቂ 'ይኮነን ዝተሻየጠና /2//2/

5. እሳት ጽርሑ ማይ ጠፈሩ /2/
   ደመናት መንኮራኩሩ ለመድኃኔ ዓለም /2//2/

6. እስመ ውእቱ ክብሮሙ ለቅዱሳን መድኃኔ ዓለም /2/
   ኣሠርገዋ ለምድር ኣሠርገዋ በጽጌያት /2/

7. ዘበእንቲኣሃ ለቤተክርስቲያን ተጸፋዕከ
   በውስተ ዓውድ ተገፋእከ /2/
   ከመ ትቀድሳ ከመ ትቀድሳ በክቡር ደምከ /2/
   ምእንቲ ድሕነታ ንቤተክርሰቲያን ተጸፋዕካ
   ኣብ ቤት ፍርዲ ተገፋዕካ /2/
   ምእንቲ ክትቅድሳ ምእንቲ ከተንጽሃ በቲ ኽቡር ደምካ /2/

## ናይ ትንሣኤ ማቴ.28፥1-15.

1. ክርሰቶስ ዘተሰቅለ በእንተ ኃጥኣን
   ክርስቶስ ዘሞተ ለቤዛ ብዙኃን /2/
   ወተንሥአ ወተንሥአ ለክብረ ቅዱሳን /2//2/
   ክርስቶስ ዝተሰቕለ ምእንቲ ሓጥኣን
   ክርስቶስ ዝሞተ ንበጃ ብዙሃን /2/
   ተንሢኡ እንሆ ሎሚ ንኽብሪ ቅዱሳን /2//2/

2. ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን
   በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን ወሥልጣን /2/
   ኣሰሮ ለሰይጣን ኣግአዞ ለኣዳም
   ሰላም እምይእዜሰ ይኩን ሰላም /2/
   ክርስቶስ ተንሲኡ ካብ ሙታን ብዓቢይ ሓይልን
   ብስልጣንን ብስልጣንን /2/
   ኣሲሩ ንሰይጣን ናጻ'ውጺኡ ንኣዳም ሰላም
   ካብ ሕጂ ንደሓርስ ይኹን ሰላም /2/

3. ኣማን በኣማን ኣማን በኣማን /2/
   ተንሥአ እምነ ሙታን /2//2/

4. ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ /2/
   ብርሃነከ ፈኑ ዲቤነ /2//2/
   ትነሳኤኻ ክንዲ ዝኣመንና /2/
   ብርሃነካ'ውን ፈኑ ናባና /2//2/

## ናይ ዕርገት ሉቃ.24፣50-53.

1. ኣማን በኣማን ኣማን በኣማን /2/
   መንክር ስብሃተ ዕርገቱ /2//2/

2. ኣርጎዉ ኖኃተ ለንጉሠ ስብሓት ዘይቤ /2/
   ተሰምዓ ቃለ ቀርን ወደምጸ ይባቤ /2/ ወደምጸ ይባቤ /2/

3. ዘምሩ ለኣምላክነ ዘምሩ /2/
   ዘምሩ ለንጉሥነ ዘምሩ /2/

4. ዓሪጉ ብስብሃት ዓሪጉ ብዕልልታ

ብስብሃት ብዕልልታ ዓሪጉ ዓሪጉ ብዕልልታ /2/
ንሞት ኣሰኒፉ ናይ ሰራዊት ጕይታ ዓሪጊ ዓሪጉ ብዕልልታ/2/

## ናይ ንስሓ

1. ኦ እግዚኣብሔር ኣብ ኣሃዜ ኩሉ /2/
   መሓረነ /3/ በኩሉ ግብር /2/
   ኦ ወልድ ዋሕድ ኢየሱስ ክርስቶስ /2/
   ተሠሃለነ /3/ በኩሉ ግብር /2/
   ኦ ጰራቅሊጦስ መንፈስ ቅዱስ /2/
   ሥረይ ለነ /3/ ኣበሳነ /3/

2. ንኽንንሳሕ መንፈስ ቅዱስ ኣይትፈለየና /2/
   ኣይትፈለየና /2/ ሓይልኻ ሃበና /2/

3. ኣልቦ ዘከማየ ዘከማየ ኣበሳ ኃጢኣት ገባሪ /2/
   ወኣልቦ ዘከማከ /3/ እግዚኣብሔር መሓሪ /2/
   መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ዓለማተ ኩሉ ፈጣሪ /2/
   በደመ ገቦከ /3/ ኃጢኣትየ ኣሥተስሪ /2/
   ከምዚ ኸማይ የለን ከምዚ ኸማይ ኣበሳን ሓጢኣትን ገባሪ /2/
   ከማኻ'ውን የለን /3/ እግዚኣብሔር መሓሪ /2/
   መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ናይዚ ዓለም ኩሉ ፈጣሪ /2/
   ብደም ናይ ጐንኻ /3/ ሓጢኣተይ ኩሉ ኣሥተስሪ /2/

4. ብበደልና ብብዝሒ ሓጢኣትና
   ኣይትቀየመና ኣይትቀየመና /2/
   ኣምላኽ ብምሕረትካ ሎሚ ይቕሬታ ሃበና፣
   ኣምላኽ ብምሕረትካ ሎሚ ሎሚ ይቕሬታ ሃበና /2/

## ናይ መስቀል

1. መስቀል ኃይልነ፣ መስቀል ጽንዕነ፣ መስቀል ቤዛነ /2/
   መድኃኒትነ ለእለ ኣመነ /2//2/
   መስቀል ሓይልና፣ መስቀል ጽንዓትና፣ መስቀል በጃና /2/
   መድሓኒትና'ዩ ነቶም ዝኣመና /2//2/

2. ሀየ ሀየ ሀየ ንሰግድ ኩልነ /2/

ሃበ ቆመ እግረ እግዚእነ /2//2/
ናብኡ ናብኡ ናብኡ ንሰግድ ኩልና /2/
ኣብ ዝቖሞ እግሪ መድኃኒና /2//2/

3. እሌኒ ንግስት ሃሰሰት መስቀሉ /2/
እንባቆም /3/ ዘኣንከረ ክብሩ /2/

4. መስቀል ብርሃን ለኩሉ ዓለም /2/
መሠረተ ቤተክርስቲያን /2//2/

5. ዝጸልመተት ዓለም ተወሊዓ ብኽቡር መስቀሉ /2/
ተወሊዓ /4/ ተወሊዓ ብኽቡር መስቀሉ /2/

6. ቃል መስቀል ንዓና ሓይሊ ኣምላኽ ኢዩ /2/
ንዘይኣምኑ ዕሽነት'ዩ ንዓና ድሕነት ኢዩ /2/ 1ቆሮ.1፣18.

7. መስቀልከ ይኩነነ ቤዛ /2/
ይኩነነ ቤዛ /4/ መስቀልከ ይኩነነ ቤዛ /2/

8. ጸጋ ነሳእነ ወሕይወተ ረከብነ
በኃይለ መስቀሉ ለኢየሱስ ክርስቶስ በኃይለ መስቀሉ /2/
ኪያከ እግዚኦ ነኣኩት ወንሴብሓከ እግዚኣብሔር /2/
ጸጋ ወሲድና ሂወት'ውን ረኺብና
ብሓይሊ መስቀሉ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓይሊ መስቀሉ /2/
ንዓኻ እ ጐይታ ነመስግን ንውድሰካ'ውን እግዚኣብሔር /2/

## <u>ናይ ቅድስት ማርያም</u>

1. ኣማን በኣማን ኣማን በኣማን /2/
ተወልደት እመ ብርሃን /2//2/

2. ንጽህተ ንጹሃን ከዊና ከመ ታቦት ዘዶር ዘሲና
ውስተ ቤተ መቅደስ ነበረት በድንግልና ነበረት /2/
ሲሳያ ሕብስተ መና ወስቴሃኒ ስቴ ልቦና /2

3. ማርያም እመ ብዙሓን /2//2/
እመ ብዙሓን እመ ብዙሓን ማርያም /2/

4. ማርያም ማርያም ድንግል ማርያም /2/
   ርኅርኅተ ሕሊና /4/ ማርያም /2/

5. ማርያም ተዓቢ እምኩሉ ፍጥረት /2/
   ኢያውዓያ እሳተ መለኮት /2//2/

6. ማርያም ሓዘነ ልቦና ታቀልል /2/
   ሓዘነ ልቦና /4/ ታቀልል /2/

7. ሰላም ንዓኺ ማርያም ፈጣሪ ንምውላድ ዝበቓዕኺ /2/
   ኣምላኽ ንዓኺ እንተ ዘይሓድገልና
   ከም ሰዶምን ከም ገሞራን ኩልና ምኾንና /2//2/

8. ሰኣሊ ለነ /3//2/
   ወልድኪ ከመ ይምሓረነ /2//2/
   ለምንልና /3//2/
   ወድኺ ምእንቲ ኽምሕረና /2//2/

9. ኩሎም ይብልዋ በኣኀብሮ /2/
   ቅድስተ ቅዱሳን፣ ቅድስተ ቅዱሳን ማርያም /2//2/

10. ስብሓት ለኪ ማርያም ለኣብ መርዓቱ ለወልድ ወላዲቱ /2/
    ለመንፈስ ቅዱስ /4/ ታቦቱ ማርያም ድንግል /2/
    ወርቅሰ ብሩር ኃላፊ ውእቱ እምኩሉ ኪያኪ እፈቱ /2/

11. መራሒት መንግስተ ሰማያት ድንግል ማርያም /2/
    ለሚንኪ 'ድሕንና ንዓና ደቅኺ ካብ ገሃነም /2//2/

12. ልብኺ ለዋህ ኢዩ ዘይጭክን ረኅርኅተ ሕሊና ማርያም /2/
    ከም ኣባ ህርያቆስ ከም ቅዱስ ኤፍሬም
    ተለመንና ማርያም ድንግል /2/

13. ኣንቲ ዘበኣማን ደመና /2/
    ረከብኪ ጸጋ ግብረ ድንግል የኣቢ ክብራ ለማርያም /2/

14. ወዓለሙኒ ኢክህለ ፀዊሮቶ /2/

ያረቶ ወኣግመረቶ ማርያም /2//2/
ዓለም እኳ ዘይከኣለት ንኸትፆሮ /2/
ማርያም ግና ኣብ ማሕፀና ፀዊራቶ /2//2/

15. መንክር ግርማ ኃይለ ልዑል ጸለላ /2/
ኣማን ኣማን መላእክት ይኬልልዋ /2//2/

16. ሞትሰ ለመዋቲ ይደሉ ይደሉ /2/
ሞታ ለማርያም የኣፅብ ለኩሉ /2/

17.ማርያም ዓረገት ዓረገት ናብ ሰማያት /2/
እናዓጀብዋ ናይ ሰማይ መላእክት ዓረገት ናብ ሰማያት /2/

18. መሓርኒ ድንግል ወተሠሃልኒ በበዘመኑ /2/
ለእመ መሃርክኒ /3/ ዘይኄንነኒ መኑ
ኵናኔ ሥጋ ወነፍስ /3/ ወልድኪ ኣኮኑ /2/

19. ሙሴኒ ርእያ /2/ ሃገር ቅድስት /2/
ዕዝራኒ ተናገራ ተናገራ ዘመራ ዳዊት /2/

20. ሰላም ለኪ /3//2/
ሰላማዊት ኪዳነ ምሕረት /2//2/

21. ኪዳንኪ ኮነ /3//2/
ለኃጥኣን ቤዛነ ኪዳንኪ ኮነ /2//2/

22. ቅንኡ ለእንተ ተዓቢ ጸጋ /2/
መድኀኒተ ነፍስ /4/ መድኀኒት ኪዳነ ምሕረት /2/

23. ይዌድስዋ መላእክት መላእክት ለማርያም /2/
በውስተ ውሳጤ መንጦላእት ወይብልዋ
በሃኪ ማርያም ሃዳስዩ ጣእዋ /2/
የመስግንዋ መላእኽቲ መላእኽቲ ንማርያም /2/
ኣብ ውሽጢ ሰማያዊ መቕደስ እናበሉ ንዓኺ
ሰላምታ ይኹን ኣማላዲት ኣደ /2/

24. ማህደረ መለኮት /2/

ማርያም እመ ብዙሓን /2/

## ዘመነ ጽጌ

1. ጽጌ ሮማን /3//2/
   መዓዛ ቅዱሳን መዓዛ ቅዱሳን ጽጌ ሮማን /2/

2. እንዘ ተሓቅፍዮ ለሕፃንኪ ንዒ ማርያም /2/
   ንዒ ንዒ ንዒ ማርያም /2//2/
   ወድኺ ሓቑፍክዮ ክትባርኽና ንዒ ማርያም /2/
   ንዒ ንዒ ንዒ ማርያም /2//2/

3. እስከ ማእዜኑ እግዝእትየ ውስተ ምድረ ነኪር ትሄልዊ /2/
   ገሊላ እትዊ /4/ ሃገረኪ ገሊላ እትዊ /2/
   ክሳብ መዓስ ኢኺ እግዝእትየ ኣብ ምድሪ ስደት ትህልዊ /2/
   ገሊላ እትዊ /4/ ናብ ሃገርኪ ገሊላ እተዊ /2/

4. እሰግድ ለተኣምርኪ በኣብራከ ሥጋ ወነፍስ /2/
   በከመ ሰገደ በከመ ሰገደ ለወልድኪ ዮሃንስ በከርሥ /2/

5. ንዒ ሃቤነ እመ ኣምላክ /2/
   ምስለ ሚካኤል ወገብርኤል /2/ ከማኪ ርኅሩኅ /2/
   ንዒ ናባና ኣደ ኣምላኽ /2/
   ምስ ሚካኤል ወገብርኤል /2/ ከማኺ ርሕሩሕ /2/

6. ምስ ቅዱስ ሚካኤል ወገብርኤል ኣዴና ንዒ ማርያም /2/
   ንዒ ባርኽና ከምቶም ኣቦታትና/2/ ኣዴና ንዒ ማርያም /2/

7. ምስለ ሚካኤል ወገብርኤል ንዒ ሠናይትየ ማርያም /2/
   ንዒ ንዒ ንዒ /4/ እመ ኣምላክ ንዒ ማርያም /2/

## ናይ መላእኽቲ

1. ሊቀ መላእክት ሚካኤል መልኣከ ምክሩ ለልዑል /2/
   ኃያል ኃያል /4/ ሰዳዴ ሳጥናኤል ኃያል መልኣከ ኃይል /2/

2. ሰፊሖ ክነፊሁ /2/

ክነፊሁ ይጼልል ዲቤነ /2//2/

3. ረዳኤ ምንዱባን ረዳኤ ምንዱባን /2/
   ሚካኤል ሊቀ መላእክት /2//2/

4. ሚካኤል ሊቅ ልብሱ ዘመብረቅ /2/
   ዓይኒ ዘርግብ ዓይኑ /4/ ሚካኤል ሓመልማለ ወርቅ /2/

5. ውእቱ ሚካኤል ውእቱ መልአከ ኃይል
   ልዑል ውእቱ ልዑለ መንበር /2/
   ይስኣል ለነ ይስኣል ለኩልነ ረዳኤ ይኩነነ ኣመ ምንዳቤ /2/

6. መልኣከ ሰላምነ ሚካኤል ሊቀ መላእክት /2/
   ሰኣል ወጸሊ በእንቲኣነ ኣዕርግ ጸሎተነ
   ቅደመ መንበሩ ለእግዚኣብሔር /2/

7. ወእንዘ ትፌትል /2/ ወርቀ ወሜላተ
   ኣስተርኣያ ገብርኤል ግብተ /2/
   ወይቤላ ወይቤላ እስመ ረከብኪ ሞገሰ
   በኀበ እግዚኣብሔር /2/

8. መልኣከ ሰላም ተናገራ መልኣክ /2/
   ወይቤላ ወይቤላ ትወልዲ ወልደ /2//2/

9. ኦ ሚካኤል ሊቀ መላእክት
   ካብ ሰይጣን ዘድኃንካ ንኣፎምያ ቅድስቲ
   መራሒ ዝነበርካ ንእስራኤል ዘሥጋ ካብ ግብፂ ጀሚርካ
   ከነኣን ዘብጻሕካ ከነኣን ዘብጻሕካ /2/
   ኦ ገብርኤል ሊቀ መላእክት
   ንሠለስቱ ደቂቅ ካብ ሓዊ ዘድሓንካ
   ኣብ ሓዊ ኣቲኻ ራብዓይ ተባሂልካ ብመስቀል ባሪኽካ
   ናብ ማየ ዝቐየርካ ናብ ማይ ዝቐየርካ /2/
   ኦ ኡራኤል ሊቀ መላእክት
   ንዕዝራ ዘስተኻ ጽዋዕ ናይ ሕይወት
   ኣይ ንስኻ እንዲኻ መልኣኽ ናይ ምሕረት
   ብናይ ክርስቶስ ደም ዓለም ዝሓጸብካ ዓለም ዝሓጸብካ /2/

10. ያከብርዋ ለሰንበት መላእክት በሰማያት
ጻድቃን በውስተ ገነት /2/
ወኵሉ ፍጥረት ዓሣት ወአናብርት እለ ውስተ ደይን
ያዕርፉ ባቲ እስመ ባቲ ኣእረፈ እምኵሉ ግብሩ /2/

## ናይ ጻድቃን

1. ወገዳሙኒ ገዳሙኒ ኣንትሙ /2/
ለዓለም ብርሃኑ /2/ ሓዋርያት ለዓለም ብርሃኑ /2/

2. ዓምደ ቤትየ ዘኣቁጸልከ /2/
ሰላም ለከ ጊዮርጊስ ሰላም ለከ /2/
ዓንዲ ናይ ቤተይ ዘለምለምካ /2/
ሰላመ ንዓኻ ጊዮርጊስ ሰላም ንዓኻ /2/

3. ጊዮርጊስ ኃያል ኃያል መስተጋድል /2/
ገባሬ ተኣምር/2/ ኮከበ ክብር /2//2/

4. ኣረጋዊ ግሩም በመንፈስ ቅዱስ ኅቱም /2/
ነዓ ነዓ /3/ ማእከሌነ ቁም /2/

5. ለጻድቃን ሓረዮሙ ውሉድየ ይቤሎሙ /2/
ኀበ ዓምደ ወርቅ ተጽሕፈ ስሞሙ /2//2/

6. ብፁዕ ውእቱ ዘጸውዓ ስመክሙ ወዘገብረ ተዝካረክሙ /2/
ኣነ እሁቦ ሕይወተ ዘለዓለም ወኣወርሶ መንግስተ ሰማይ
ይቤሎሙ እግዚኣብሔር ለቅዱሳኑ /2/
ብጹእ'ዩ ንኡድ'ዩ ዝጸውዐ ኣስማትኩም ዝገበረ ዝኽርኹም /2/
ኣነ ክህቦ ኢየ ዕረፍቲ ናይ ዘለዓለም ከውርሶ ኢየ መንግስተ
ሰማይ ኢሉ ቃል ኣቲሎም ኣምላኽና ንቅዱሳኑ /2/

7. ወተቀበልዎ መላእክት /2/
ኣብእዎ ኣብእዎ ኢየሩሳሌም /2//2/

8. ግሩማን መላእክት /2/ ሱራፌል ወኪሩቤል
እለ ኣክናፊሆሙ ነበልባል /2/
ወረዱ ዮም ይትቀበሉከ በብሂል ኣማን ኣማን

ኣቡነ ፍሊጶስ ኣንዳዴ ባሕር /2/

9. ፍሊጶስ ኣቡነ /3//2/
ባርከነ /3/ ፍሊጶስ ኣቡነ /2/

10. ሰላም ሰላም ሰላም ለዝክረ ስምከ /2/
ጥዑመ ዜማ ዜማ /4/ ኣቡነ ኣረጋዊ ጥዑመ ዜማ /2/

11. ኦ ኣባ ቅዱስ ዕቀቦሙ /2/ በስምከ ወበኃይልከ ዕቀቦሙ /2/
ከመ ይኩኑ ኣሓደ ብነ ከማነ /2/ ከመ ይኩኑ /2/

12. ይቤላ ሕፃን ለእሙ ኢትፍርሂ እም
ኢትፍርሂ እም ነበልባለ እሳት/2/
ለኣናንያ ወኣዛርያ ወሚሳኤል
ዘኣድሓኖሙ ውእቱ ያድሕነነ /2/

13. ወኣንተኒ ህጻን ነቢየ ልዑል /2/
ዓርኩ ለመርዓዊ ትሰመይ ትሰመይ ነቢየ ልዑል /2/

13. በጾም ወበጸሎት ወረሱ ተስፋ ሕይወት /2/
ጻድቃን ጻድቃን ውሉደ ብርሃን /2//2/

14. ንጹም ጾመ ወናፍቅር ቢጸነ /2/
ወንትፋቀር /4/ ንትፋቀር በበይናቲነ /2/

*<u>ነዋሕቲ መዛሙር</u>*

1. ተዋህዶ ተዋህዶ ተዋህዶ /2/
   መሠረተ ጽድቅ /2/ ተዋህዶ መሠረተ ጽድቅ /2/
   ማርያም ማርያም ማርያም /2/
   ርህርህተ ሕሊና /2/ ማርያም ርህርህተ ሕሊና /2/
   ሚካኤል ሚካኤል ሚካኤል /2/
   ሊቀ መላእክት /2/ ሚካኤል ሊቀ መላእክት /2/
   ገብርኤል ገብርኤል ገብርኤል /2/
   ኣብሣሬ ትስብእት /2/ ገብርኤል ኣብሣሬ ትስብእት /2/
   ሩፋኤል ሩፋኤል ሩፋኤል /2/
   ፈታሂ ማሕፀን /2/ ሩፋኤል ፈታሔ ማሕፀን /2/
   ኡራኤል ኡራኤል ኡራኤል /2/
   መልኣከ ሰላም /2/ ኡራኤል መልኣከ ሰላም /2/
   ጊዮርጊስ ጊዮርጊስ ጊዮርጊስ /2/
   ሊቀ ሰማዕት /2/ ጊዮርጊስ ሊቀ ሰማዕት /2/

2. እሰይ እሰይ ተወሊዱ (ተጠሚቑ)/2/ ካብ ሰማይ ሰማያት
   ወሪዱ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ /2/

| | |
|---|---|
| እሱ እንተ ዘይውለድ | ኣማኑኤል |
| እቲ ለዋህ ኣምላኽና | ኣማኑኤል |
| መዓስ ምስ ተረኽበት | ኣማኑኤል |
| ገንት ምድርና | ኣማኑኤል |

እሰይ እሰይ ተወሊዱ.......

| | |
|---|---|
| ንምሕረት ወሪዱ | ኣማኑኤል |
| ካብ ሰማይ ናባና | ኣማኑኤል |
| ንህዝቡ ከድሕን | ኣማኑኤል |
| ካብ ክፋእ ሕማምና | ኣማኑኤል |

እሰይ እሰይ ተወሊዱ......

| | |
|---|---|
| ብርሃን ኣምጽኣሎም | እሰይ እሰይ |
| ንእምነት ንህዝቡ | እሰይ እሰይ |
| ብጸልማት መገዲ | እሰይ እሰይ |
| ኣብኡ ከይደኽሙ | እሰይ እሰይ |

እሰይ እሰይ ተወሊዱ......

| | |
|---|---|
| እግዚኣብሄር ኣብ ሊኢኹ | እሰይ እሰይ |
| ነቲ ሓደ ወዱ | እሰይ እሰይ |
| ንሱ ፈትዩ ኢዩ | እሰይ እሰይ |
| ከምኡ ንዓለሙ | እሰይ እሰይ |

እሰይ እሰይ ተወሊዱ(ተጠሚቑ)/2/ ካብ ሰማይ ሰማያት
ወሪዱ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ /2/

3. ዕልል በሉ ብሓድነት ዘምሩ ኣመስግኑ ንኽብሩ ዘምሩሉ
ከም እግዚኣብሔር ማንም የለን በሉ /2/
ኣብ ሓጢኣት ባርነት ንነብር ነበርና
ካብ ቤቱ ርሒቕና ትእዛዙ ኣፍሪስና
ርእዩ ኣይቀጽዓናን ጸላእቱ ኸሎና
ውዕለቱ ግሩም'ዩ ይኸበር ፈጣሪና/2/
ዕልል በሉ ብሓድነት ዘምሩ.........
ርእሱ ኣዋሪዱ ንዓና ኣኽቢሩና
ንሥጋኡን ደሙን ክንምገብ ሂቡና
ጓሳና ርሕሩሕ ኢዩ እንስእኖ የለን
ምስጋና ይብጽሓዮ ንመድሓኔ ዓለም/2/
ዕልል በሉ ብሓድነት ዘምሩ.........
በጃና ዝኾነ ከም ኣምላኽ መን ኣሎ
ፍቕሪ ደቂ ሰባት ኣብ መስቀል ዘውዓሎ
ፍቕሩ ኣይውዳእን'ዩ ብኣፍ ተነጊሩ
ካብ ሰማይ ወሪዱ ድሕነት ኣበሢሩ/2/
ዕልል በሉ ብሓድነት ዘምሩ........
ግብርታቱ ነድንቕ ክንዲ ዘፍቀረና
ካብ ዘይሓልፍ ፍቕሩ በረኸት ሃበና
ነገርካ ኣይውዳእን'ዩ ናይ ኣምላኽ ስጦታ
ውዳሴ ነቕርብ ንዘምር ብዕልልታ/2/
ዕልል በሉ ብሓድነት ዘምሩ....... /2/

4. ሆሣዕና በኣርያም ሆሣዕና ኢልና ነቕርብ ምስጋና /2/
ሆሣዕና በሉ ሆሣዕና
ንወዲ ዳዊት ሆሣዕና
ትሐትና ዘርኣየ ሆሣዕና
ስሙ ይባረኽ ሆሣዕና
መጺኡ ብግርማ ሆሣዕና
ንዓና ክቕድስ ሆሣዕና
ሆሣዕና በኣርያም ሆሣዕና ኢልና ነቕርብ ምስጋና /2/
ሆሣዕና በሉ ሆሣዕና

ንሰማያዊ ንጉሥ ሆሣዕና
ነቢያት ብትንቢት ሆሣዕና
ንዝነገሩሉ ሆሣዕና
ሓዋርያት ብወንጌል ሆሣዕና
ንዝሰበኹሉ ሆሣዕና
ሆሣዕና በኣርያም ሆሣዕና ኢልና ነቕርብ ምስጋና /2/
ሆሣዕና በሉ ሆሣዕና
ንኣምላኽ ምሕረት ሆሣዕና
ካብ ድንግል ተወልደ ሆሣዕና
ልክዕ ከም ህጻናት ሆሣዕና
ጓሶት ኣብ መብልዕ ማል ሆሣዕና
ኣቕረቡሉ ስግደት ሆሣዕና
ኩሎም ደቂ ኣዳም ሆሣዕና
ከምኡ ውን መላእኽት ሆሣዕና
ሆሣዕና በኣርያም ሆሣዕና ኢልና ነቕርብ ምስጋና /3/

5. ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ምእንታና ኽትብል ካብ ሰማይ ወረድካ
ምእንታና ኽትብል ካብ ድንግል ተወለድካ
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ምእንታና ኽትብል ኣብ ባሕሪ ተጠመቕካ
ምእንታና ኽትብል ኣብ በረኻ ጾምካ
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ምእንታና ኽትብል ብኣይሁድ ተዋረድካ
ምእንታና ኽትብል ኣብ መስቀል ተሰቐልካ
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ክቑጸር ኣይከኣልን ብዝሒ ርሕራሔኻ/2/
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ናባኻ ምለሶ ንኹሉ ህዝብኻ /2/
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ንድሕነት ህዝብኻ ቃል ወነወጌል መሃርካ/2/
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ንዓና ክትምህር ትሕትና ኣርኣኻ/2/
ኦ ጐይታና መን ኣሎ ከማኻ /2/
ምሕረትካ ሃበና እምነትና ርኢኻ/2/

6. ኣብ ማእከል ሽፋቱ ኣብ ቀራንዮ ስፍራ /2/ ንዓና
ኢሉ ጕይታ ረኸበ መከራ ረኸበ መከራ /2/
ኣዳምን ሄዋንን ዝሠርሕዎ ሓጢኣት /2/
ንዓና ኔሩና ከቢድ ናይ ሞት ቅጽዓት
ከቢድ ናይ ሞት ቅጽዓት
ኣብ ማእከል ሽፋቱ.......
መስቀል ተሸኪሙ ወረዶ መከራ /2/
ኣይሁድ ገረፍዎ ኵሎም በብተራ ኵሎም በብተራ
ኣብ ማእከል ሽፋቱ......
ድንግል ኣይከኣለትን ንብዓታ ክትክልክል /2/
እናረኣየቶ ወዳ ከንከባልል ወዳ ከንከባልል
ኣብ ማእከል ሽፋቱ......
ብኣምላኽነቱ እንከይ ፈረደሎም /2/
ከምዚሉ ጸለየ ኦ ኣቦይ መሓሮም ኦ ኣቦይ መሓሮም
ኣብ ማእከል ሽፋቱ........
ብረቂቕ ሥልጣኑ ኩሉ ዝፈጠረ /2/
ብሰባት ተገርፈ ሞተ’ውን ተቐብረ ሞተ’ውን ተቐብረ
ኣብ ማእከል ሽፋቱ........
ብመበል ሣልስቱ ተንሢኡ ብሓይሉ /2/
እናረኣይዎ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ናብ ሰማይ ዓሪጉ
ኣብ ማእከል ሽፋቱ........
ኣጽኒዕና ነሓዛ እምነት ተዋህዶና /2/
ክምለሰና’ዩ መታን ክወስደና መታን ክወስደና
ኣብ ማእከል ሽፋቱ....... /2/

7. ካብ ሰማይ ሰማያት ናብ ምድሪ ወሪዱ
ንደቂ ሰባት ኢሉ ተዋሪዱ
ሓጢኣት ዘይባህርዩ ብኣምላኽነቱ
ንምንታይ ተሰቕለ ኣብ ማእከል ሽፋቱ
ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ
ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ /2/
ኣዲኡ እንታይ በለት ሓቝፋ ዘዕበየት
ፎቖዶ በረኻ ምስኡ ዝተሰደት
እንታይ ኢዩ ጌሩ እንታይ’ዩ በዲሉ
መላእ ኣካላቱ ብገመድ ቈሲሉ

ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ
ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ /2/
ቀላያት ኩሎም ዝግዝኡሉ
ንደቂ ሰባት ማይ ጸሚኡኒ ኢሉ
ደምን ርሃጽን ብገጹ እናወረደ
ክትበኪ ረኣያ ነታ ርህርህቲ ኣደ
ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ
ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ /2/
መከራ ከይፈርሐ ዝተኸተለ
ዮሓንስ በኸየ እዋይ ኣነ እንዳበለ
ክሳዕ መወዳእታ ብትብዓት ዝሰዓቦ
እነሃ ኣዴኻ ኢሉ ንዮሃንስ ሃቦ
ናትና ፍቕሪ ስሒብዎ
ተሰቒሉ ኣብ ቀራንዮ ጎቦ /2/

8. ኣነ መንየ ኢልና ርእስና ንመርምር
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና ሓጢኣትና ንዘክር
በደልና ኣሚንና ርእስና ኣትሒትና
በደልና ኣሚንና ንለምን ኣምላኽና /2/
ናይ ኣምላኽ ትእዛዛት ብኣና ተጣሒሱ
ብኽፍኣት ብሕሜት ኣካልና ረኺሱ
በደልና ኣሚንና........
ናይ ሥጋ ጥቕሚ ሪኡ ልብና ጸኒዑ
ሞት ክሳብ ዝወስደና ንምንታይ ዘንጊዑ
በደልና ኣሚንና.......
ንንስሓ ዝኸውን ካብ ሃበና ዕድመ
ንመለስ ናብ ኣምላኽና ብርሃንና ከይጸለመ
በደልና ኣሚንና........
ኣሞጽ ኣብ ትንቢቱ ከም እተነበዮ
ነፍስና ከይትጠሚ ቃሉ ንስማዓዮ
በደልና ኣሚንና.......
ናይ ጻድቃን ሰማእታት ናይ ድንግል ጸሎታ
ኣይፈለየና ኣብ ቅድሚ ልዑል ጐይታ
በደልና ኣሚንና ርእስና እትሒትና
በደልና ኣሚንና ንለምን ኣምላኽና /2/

9. በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ/2/
ምስጋና ይኹኖ መድሓኒ ክርስቶስ/2/
ብስም ቅዱስ ስምካ ብንጹሕ ሕልና/2/
ኣብ ዙርያ መቕደስካ ንርከብ ኣሎና/2/
ልደት ቤተልሔም ጥምቀት ዮርዳኖስ/2/
ሃይማኖት ተዋህዶ ድሕነት ሥጋ ነፍስ/2/
በጃ ኹሉ ዓለም መስዋዕቲ ድሕነትና/2/
ክርስቶስ ቃል ኣምላኽ በጊዕ ፋሲካና/2/
ጐይታ ጐይቶት ልዑል ክርስቶስ ፈጣሪ/2/
ምስጋና ይብጻሕካ ብሰማይ ብምድሪ/2/
እምነትና ንምጽናዕ ባዕልኻ ርድኣና/2/
መንፈስካ ብምልኣኽ ባርኽ ጉባኤና/2/
ወሃቤ ሕይወት ጸጋ ዘእምጸጋ/2/
ኣሜን ሃሌ ሉያ ኣልፋ ወኦሜጋ/2/

10. ንዘመን ኣሕሊፍካ ኣብዚ ዘብጻሕካና
ስለቲ ምሕረትካ ተመስገን ኣምላኽና/2/
ቡሩኽን ቅዱስን ዓመት ክትገብረልና
ኣብ ቅድሚ መንበርካ ንልምን ኣሎና/2/
ንዘመን ኣሕሊፍካ.......
በረኸትን ተልን ናይ ሰማያት መና
ሰላምን ህድኣትን ምልኣይ ዓለምና/2/
ንዘመን ኣሕሊፍካ.......
ብሓቅን ብፍቕርን ምስ ብዙሕ ትሕትና
ምሉኣት ክንከውን ህዝብኻ ኩልና/2/
ንዘመን ኣሕሊፍካ.......
ሕግኻን ትእዛዝካን ኣሕድሮ ኣብ ልብና
ኣምላኽ ኩሉ ዓለም ጸሎትና ስምዓና/2/
ንዘመን ኣሕሊፍካ.......
ዓመተ ምሕረት ዓመተ ጥዕና
ይኹነልኩም ህዝበይ በለና ኣምላኽና/2/

11. ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/
ተታዓርቕና ንጽውዓኪ

ምስ ፈጣሪ ጐይታ ንዒ ንብለኪ
ድንግል ሓደራኺ ንጽውዓኪ
ኩልና መኸታ ንዒ ንብለኪ
ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/
በላዒ ሰብ ድሒኑ ንጽውዓኪ
ብዙሕ ነፍሲ ኣጥፊኡ ንዒ ንብለኪ
ብኢዱ ማይ ሂቡ ንጽውዓኪ
ስም ናትኪ ጸዊዑ ንዒ ንብለኪ
ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/
ብሂዋን ምኽንያት ንጽውዓኪ
ኣብ ጸልማት ነበርና ንዒ ንብለኪ
ኣባኺ ሓዲሩ ንጽውዓኪ
ብርሃኑ ሂቡና ንዒ ንብለኪ
ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/
ቤትኪ ዝሃነጸ ንጽውዓኪ
ተኣምርኪ ዝሰምዐንዒ ንብለኪ
ክምሕር'የ ኢሉኪ ንጽውዓኪ
ስምኪ ዝጸውዐ ንዒ ንብለኪ
ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/
ገጽ ኣይመልስን'ዩንጽውዓኪ
ናይ ኣደ ልመና ንዒ ንብለኪ
ከይንጠፍእ ኢሉ ንጽውዓኪ
ንዓኺ ሂቡና ንዒ ንብለኪ
ድንግል ንጽውዓኪ ማርያም ንዒ ንብለኪ /2/

12. ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና ለምንላ ምሕረት
ክትረክብ ቅሳነት ኣድሕንያ ካብ ከቢድ መዓት /2/
ቃል ኪዳን ዘለኪ ኪዳነ ምሕረት
ናይ ዘለዓለም ኪዳነ ምሕረት
መሓበኒት ኢኺ ኪዳነ ምሕረት
ንፍጥረታት ዓለም ኪዳነ ምሕረት
ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና.....
ቅድስተ ቅዱሳን ኪዳነ ምሕረት
ትንቢተ ነቢያት ኪዳነ ምሕረት
ናይ ሓዋርያት ሞገስ ኪዳነ ምሕረት
ኣደ ናይ ሰማዕታት ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና.....

ኤፍሬም ብውዳሴ ኪዳነ ምሕረት
ንዘመስገነኪ ኪዳነ ምሕረት
ደመና ናይ ኤልያስ ኪዳነ ምሕረት
ድንግል ንስኺ ኢኺ ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና.......

መድሓኒት ምስ መጸ ኪዳነ ምሕረት
ሰይጣን ውን ሓፈረ ኪዳነ ምሕረት
ናይቲ ዜና ኣብሣሪ ኪዳነ ምሕረት
ገብርኤል ነበረ ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና.......

ናይ ብሓቂ መልኣኽ ኪዳነ ምሕረት
ምኳኑ ሪኢኺ ኪዳነ ምሕረት
ይኹነለይ ኢልኪ ኪዳነ ምሕረት
ቃሉ ተቐቢልኪ ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና.......

ብጽንዓት ክንሓልፎ ኪዳነ ምሕረት
ናይ ዓለም ፈተና ኪዳነ ምሕረት
ምእንቲ ክንኣቱ ኪዳነ ምሕረት
ኣብ ጻድቃን ከተማ ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና........

ንኽንለብስ ፍቕሪ ኪዳነ ምሕረት
ከም ናይ ሓዋርያት ኪዳነ ምሕረት
ከም ናትኪ ትሕትና ኪዳነ ምሕረት
ጽንዓት ከም ሰማእታት ኪዳነ ምሕረት

ኪዳነ ምሕረት ንዓለምና ለምንላ ምሕረት
ክትረክብ ቅሳነት ኣድሕንያ ካብ ከቢድ መዓት /2/

13. ነመስግን ኩልና ብንጹህ ልብና/2/ ባሕሪ ናይ
ኤርትራ ከፊሉ ኣሕሊፉና /2/

ካብ ግዝኣት ናይ ፈርኦን ነመስግን ኩልና
ካብ ጽኑዕ መግዛእቲ ብንጹሕ ልብና
ንነብር ነበርና ነመስግን ኩልና
ናይ ጡብ ተሰከምቲ ብንጹህ ልብና
ኣውጺኡና ኣምላኽ ነመስግን ኩልና
ብሙሴ መልእኽቲ ብንጹህ ልብና

ነመስግን ኩልና ብንጹህ ልብና.........

ተረግጹ እስራኤል ነመስግን ኩልና
ኣብ ናይ ግብፂ ቦታ ብንጹህ ልብና
ብራማ ተሰምዐ ነመስግን ኩልና
ናይ ራሄል ንብዓታ ብንጹህ ልብና
የለኻን ዶ በለት ነመስግን ኩልና
ናይ ሠራዊት ጐይታ ብንጹህ ልብና

ነመስግን ኩልና ብንጹህ ልብና.........

ህዝበይ ፈኑ በሎ ነመስግን ኩልና
ከገልግሉ ንዓይ ብንጹህ ልብና
ፈርኦን ልቡ ጸንዐ ነመስግን ኩልና
መን ኣሎ ኢሉ ከማይ ብንጹህ ልብና
ኣውረደሉ ጐይታ ነመስግን ኩልና
መዓቱ ካብ ሰማይ ብንጹህ ልብና

ነመስግን ኩልና ብንጹህ ልብና.........

ሚካኤል መሪሑ ነመስግን ኩልና
ወጹ ካብ መግዛእቲ ብንጹህ ልብና
ቀትሪ ብደመና ነመስግን ኩልና
ለይቲ ብመብራህቲ ብንጹህ ልብና
ተሳገሩ ባሕሪ ነምስግን ኩልና
ኩሎም በብሓንቲ ብንጹህ ልብና

ነመስግን ኩልና ብንጹህ ልብና.........

<u>ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ቺካጎ</u>